ሓዳስ ኤርትራ

# ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት ዝተሃንጸ ክፍሊ.ታት መጥባሕቲ ኣዕጽምትን ጅማውትን ተመሪቑ

ከም ኣካል ናይቲ ኣገልግሎት ጥዕና ብዓይነትን ምሉእነትን ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ቀጽሪ ሆስፒታል ሓሊበት ዝተሃንጸ ክፍሊ.ታት መጥባሕቲ ኣዕጽምትን ጅማውትን ተዛዚሙ፡ ንስራሕ ድሉው ኮይኑ። እቲ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕናን ‘ኣኑልያሞ ላ ዲስታንዛ’ (ርሕቀትና ነጽብብ) ዝተባህለ ኢጣልያዊ ገባር ሰናይ ትካልን ዝተሰርሐ ክልተ ዓበይቲ ናይ መጥባሕቲ ክፍልታት ዝርከቦ 10 ክፍልታት ምስ መሳርሒ.ታቱ ዘጠቓለለ ህንጻ፡ ብሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሐሴን’ዩ ብ15 ሰነ ተመሪቑ።



ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣቶ ብርሃነ ገብረትንሳኤ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ምስ ምህናጽ’ቲ ህንጻን ምውዳድ ናውቱን፡ ኣብ ኣገልግሎት መጥባሕቲ ኣዕጽምትን ጅማውትን ክርአ ዝጸንሐ ጸገማት ፍታሕ ክረክብ ምኧኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ምሉእነት ኣገልግሎት ጥዕና’ውን ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ከምዝኾነ ኣብሪሁ። ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት ሓላፊ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕክምና ኣዕጽምትን ጅማውትን ዶክተር ሰመረ ተኽለጊዮርጊስ ብወገኑ፡ ቅድሚ ሕጂ እቲ ዓውዲ ርእሱ ዝኸኣለ ክፍልታት መጥባሕቲ ስለዘይጸንሖ ጸገማት ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ እቲ ዝተሰርሐ ክፍልታት ንዝጸንሐ ጸቕጢ ኣብ ርእሲ ምፍኳስ፡ ንቕጽሪ ናይቶም ብዝተፈላለየ ሓደጋታትን ሕማማትን ኣገልግሎት መጥባሕቲ ዝግበረሎም ከምዘዕብዮ ገሊጹ። ፕረዚደንት ማሕበር ‘ኣኑልያሞ ላ ዲስታንዛ’ ሲኞር ሎረንዞ ካላማይ ድማ፡ ማሕበሮም ነቲ ኤርትራ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ዜጋታታ ተርእዮ ዘላ ዕቤት ንምድንፋዕ ንምትሕግጋዝ ቅሩብ ምኳኑ ኣነጺሩ። ዳይረክተር ሆስፒታል ሓሊበት ዶክተር ተኽለሃይማኖት ጸጋይ ብግደኡ፡ ምዝዛም ናይቲ ህንጻን ምውዳድ መሰረታዊ ናውትን ንገስጋስ ኣገልግሎት ጥዕና ሃገርና ተወሳኺ ድርኺት ከምዝፈጥረሉ ብምሕባር፡ እኹላት ሰብ ሞያ ጥዕና ክምደቡሉ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣምባሳደር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ሲኞር ስቴፋኖ ፖንተሲሊን ወኪል ተጸዋዒ ዩኒሴፍ ኣብ ኤርትራ ወይዘሮ ፕሉቺ ንታዋምቢርወኪን በብወገኖም ቃል ኣስሚዖም።